


መዘኻኸሪ፡ ኣብ ሞንጎ ኮሌጅ ስቴሽንን ኲዊንስ ፓርክ ሳብዌይ ስቴሽንን ንርከብ።

## ከመይ ከምትረኽቡና፡-

ካብ መስመር ያንግ ሳብዌይ:

- ኣብ ኮሌጅ ማዕርፎ ኣውቶቡስ ውረዱ (መዘከሪ፡ እዚ ዊልቸይር መእተዊ ኣይብሉን)
- ብኮሌጅ ስትሪት ኣቢልኩም ናብ ምዕራብ ገጽኩም ምስትኸዱ ናብ ምዕራብ መዳይ ኣምርሑ - ናብ በይን ኮሌጅ ስትሪትን
- ሓደ ብሎክ ናብ ሰሜን መዳይ ብበይ መስመር ናብ ግሪንቫይል ክትበጽሑ ኢኹም።
- ንምዕራብ ገጽ ንጸጋም ወገን ተዓጺፍኩም ናብ ግሪንቫኢል ብጽሑ።
- 76 ግሪንቫይል ስትሪት ብየማን ኣቢሉ ይርከብ።

ካብ ዩኒቨሲቲ መስመር ሳብዌይ፡-

- ኣብ ኲዊንስ ፓርክ ውረዱ (መዘከርታ: እዚ ንዊልቸር መእተዊ ኣለዎ)
- ብኮሌጅ ስትሪት መዳይ ናብ ኢሊዛቤት ስትሪት ተሳገሩ።
- ንጸጋም ተዓጺፍኩም ድማ ንሰሜን መዳይ ካብ ኢሊዛቤት ስትሪት ናብ ግሪንቫይል ስትሪት ብጽሑ።
- ዉመንስ ኮሌጅ ሆስፒታል ኣብ 76 ግሪንቫይል ስትሪት ይርከብ።

**ክሮስሮድስ ክሊኒክ**

ውመንስ ኮሌጅ ሆስፒታል ክሊኒክ ጉዳይ ጥዕና ስደተኛታት ፡

76 Grenville St., 3rd floor
Toronto, ON M5S 1B2
**ቖጸራ ንምሓዝ ብ416-323-6031**
**ደዊልኩም ቊ. 2 ጽቐጡ፧**

WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL
Health care for women | REVOLUTIONIZED


76 Grenville Street,
Toronto, ON M5S 1B2
T. 416-323-6400
womenscollegehospital.ca
womenshealthmatters.ca
womensresearch.ca
womenscollegehospitalfoundation.ca


Tigrinya

# The Crossroads Clinic

# (ዘ ክሮስሮድስ ክሊኒክ)

WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL
Health care for women | REVOLUTIONIZED

## ክሮስሮድስ ክሊኒክ

ናብ ዉመንስ ኮሌጅ ናይ ስደተኛታት ሓለዋ ጥዕና ክሮስሮድስ ክሊኒክ እንቋዕ ብዳሓን መጻኹም። ስለ ዝረኸብኩምና ድማ ኣዝዩ ደስ ኢሉና’ሎ።

ጨንፈር ጉዳይ ጥዕና ሓካይምና ብኣማኢት ምስ ዝቑጸሩ ሓደሽቲ መጻእቲ ስደተኛታትን ብዛዕባ ዘጋጥሞም ሽግራት ንነዊሕ እዋን ሓቢሮም ስለዝሰርሑ ዓቢ ተሞክሮ ኣጥርዮም እዮም፤ ስለዝኾነ ድልየትኩም ከሟልኡን ብግቡእ ኽሕግዙኹምን ብሓባር ዝሰርሑ ድልዋት ሓካይምን ነርስታትን አለውና። ንሕክምና ኣብ ትመጹሉ እዋን ምስ ትፈልጡዎን ዝለመድኩምዎን ሓኪም ንኽትራኸቡ ኣዚና ንፍትን ኢና፤ ሓደ ሓደ እዋን ግና ኣባል እቲ ጉጅለ ሓካይም ዝኾነ ግና ኻሊእ ባዓል-ሞያ ሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ’ሞ ተረድኡልና።

ናይ ኣካላዊ ይኹን ስምዒታዊ፤ ንጥዕናኹም ዘድሊ ኹሉ ክንኣልይ ኢና። ኣብ ጊዜ ሕማምኩም ጥራይ ዘይኮነስ ቅድሚ ምሕማምኩም’ውን ዜድሊ ክንክን ኽንገብረልኩም ድልዋት ኢና። ብፍላይ ኽጋጥሙ ምስ ዝኽእሉ መጻኢ ሕማማት ኣቐዲምካ ናይ ምክልኻል ቅድመ-ምርመራን ኽትባትን መታን ክትረኽቡ ጻዕሪ ክንገብር ኢና። አድላዪ ኾይኑ እንተረኺብናዮ ምስ ኻለኦት ናይ ሓለዋ ጥዕና ባዓል ሙያታትን ማሕበራዊ ጉዳይ ሠራሕተኛታትን ኽነራኽበኩም ኢና።

ንሕና ነቕርቦም ብዙሓት ግልጋሎታት ነዞም ዝስዕቡ የጣቓልሉ፡

- ኣታኣላልያ ሕዱር ሕማማት ከም ሽኮርያን በዝሒ ደምን ዝኣመስሉ
- ንህጻናት ዝዋሃብ ክትባትን ሙሉእ ፋልማይ ክንክንን፤
- ክንክን ጥንሲ
- ምኽሪ ብዛዕባ ቤተሰባዊ ዕማም
- ኣብ ኵሉ ክልል-ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ዝግበር ዓመታዊ ምርመራ ጥዕና
- መጻኢ ሕማማት ንምክልኻል ዝውሰድ ናይ ሓልዮት ምክልኻል፤
- ኬጋጥሙ ንዝኽእሉ ጉዳያት ምዝባዕ ድቃስን፤ ሃዋህው ሻቕሎትን ጭንቀትን ዝግበር ሓገዝ፤
- ኣታኣላልያ ከቢድ ጉዳያት ሕክምናን፤ ምርመራን፤
- ኣድላይ እንተኾይኑ ምስ ሞያውያን ሓካይም ቖጸሮ ምሓዝ፤
- መደብ ትምህርቲ ሓለዋ ጥዕና ንዝተፋላለዩ ጉዳያት ጥዕና፤

ንኽልተ ዓመታት ዝኣክል ሕክምና ኽነቕርበልኩም ኢና። ድሕሪ ክልተ ዓመት ግና ናብ ቤትኩም ቅርበት ምስዘለዎ ናይ ቤተሰብ ሓኪም ኽነራኽበኩም ኢና።

ብቛንቋኹም ግልጋሎት ክንህብን ኣድላዩ ምስዝኸውን ድማ ብቴሌፎን ግልጋሎት ትርጁማን ክነማዓራርይን ንኽእል ኢና።

ዝርዝራት ጥዓናኹም ምስጢራዊ ጌርና ንዕቅቦ፤ ብዘይ ፍቓድኩም እውን ንማንም ክነካፍሎ ኣይንኽእልን።

## ቖጸሮታት

ኣቕድም ኣቢሎም ቖጸራ ንዝሓዙ ሕሙማት ምርመራ ንገብረሎም ኢና። ስለዚ በጃኹም ቖጸራኹም ኣኽቢርኩም ብሰዓቱ ተረኸቡ። ኣብ ጊዜ ቖጸራኹም እንድሕር ክትርከቡ ዘይካኣልኩም ኣቕድም ኣቢልኩም ደዊልኩም ተወከሱና። ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ ኣገዳሲን ህጹጽን ንዝኾኑ ጉዳይ ጥዕና [ንኣብነት ከም ትኩሳት፣ ሰውነት ዘሕክኽ ሳሓን ካሊእ ሕማምን ወዘተ] ንዕለቱ እቲ ቖጸራ ሒዝና ክንርኤኩም ንኽእል ኢና። (e.g. fever, rash, sickness, etc). ከምዚ ዓይነት ኣገዳሲ ግልጋሎት ምስትደልዩ ድማ በዚ ደውሉልና፡ **416-323-6031 (ቍ. 2 ጽቐጡ).**

ኣቕድም ኣቢሉ ምስ ሞያዊ ሓካይምን ክሊኒክናን ዝሓዝናልኩም ቖጸራታት ሰዓት ኣኽቢርኩም ምርካብኩም ርግጸኛታት ኹኑ። ንምርመራ ኣድላዪ ዘበለ ኹሉ ክትሟልኡን ሓደራ ንብል። ኣብ ቖጸራኹም ጊዜ ንምርካብ እንተዳኣ ዘይክኢልኩም ኻልእ ተመሳሳሊ ቖጸራ ንምሓዝ ነዊሕ ጊዜ ኽወስድ ይኽእል ኢዩ። ምስ ሞያዊ ሓኪም ብዛዕባ ዘለኩም ቖጸራ ሓበሬታ እንተዳኣ በጺሑኩም እሞ ክርዳኣኩም እንተዘይክኢሉ በጃኹም ደውሉልና ወይ ናብ ክሊንክና ምጽኡ’ሞ ግቡእ መብርሂ ክንህበኩም ኢና።

## መለለይ ካርድ

ኣብ ጊዜ ቖጸራታትኩምን መድሓኒት ምስ ዝእዘዘልኩምን ኩልጊዜ ናይ ስደተኛ መለለዩ ሰነዳትኩም ሒዝኩም ከትቀርቡን ነታሓሳስብ። ናይ ፌደራል መደብ ጥዕና ሓለዋ (IFHP), ናይ ኦንታርዮ ሥራሕ (OW) እና ኦንታሪኦ ፈውሲ አቕርቦት (ODB) ሰነዳት ሓዙ። እንደገና ኦሂፕ ካርድኹም እውን ናይ ዌልፌር ሰነድን ናይ ፈውሲ ምግዛእ ካርድን ሒዝኩም ቅረቡ።

## ድሕሪ ሰዓት-ቢሮ ዝግበር ክንክን

ናይ ስራሕ ሰዓትና ኣብቂዑ ቢሮና ምስተዓጸወ እሞ ኣንገብጋቢ ዝኾነ ጉዳይ ጥዕና እንተዳኣ ኣጋጢሙኩም ተረኛ ምስዝኾነ ዶክተር ደዊልኩም ምርኻብ ትኽእሉ ኢኹም። በቲ ዋና ናይ ማእኸላዊ ቢሮ መስመር ክሊኒክና ደዊልኩም ኦፐሬተር ኣዛርቡ’ሞ ምስ’ቲ ዶክተር ተዋሲኡ መሊሱ ኽድውሉልኩም ኢዩ። ጽንኩር ንዝኾኑ ኹነታት ንኣብነት ቃንዛ ደረት፤ ናይ ምትንፋስ ጸገም፤ ወይም ሓደገኛ ዝኾነ ጕደኣት ኣካል ምስዘጋጥመኩም ናብ ክፍሊ ድንገተኛ ሓደጋ ሕክምና [emergency department] መጺእኹም ተሓከሙ።

## ኣድራሻና

76 Grenville St., 3rd floor
Toronto, ON M5S 1B2

## ግልጋሎት ንህበሉ ሰዓት

ካብ ሰኑይ ስጋዕ ዓርቢ **9 a.m. to 4 p.m.**
ቖጸራ ንምሓዝ በዚ **416-323-6031 ደውሉ። ቍ. 2 ጽቐጡ።**